# ንኮቪድ-19 ንምምካት ዝወጸ ናይ ኔቫዳ መደብ ጥዒና

*“መሰረታዊ ኣካይዳ እዚ መደብ፣ ኩሉም ኔቫዳውያን ኣብ ገዝኦም ምጽናሕን ንሕይወት ኣገዳሲ ዘይኮና ቤት ዕዮታት ን30 መዓልቲ ብጊዚያዊነት ካብ ህዝቢ ምዕጻው እዩ።”*

*ገቨርነር ስቲቭ ሲሶላክ፣ ማርች 17፣ 2020*

*እዚ ናይ ኔቫዳ ኮቪድ-19 ንምምካት ዝወጸ መደብ፣ ብገቨርነር ሲሶላክ፣ ሰሉስ፣ ማርች 17፣ 2020 ዝተውሃበ ጋዜጣዊ መግለጺን፣ ኣሰዒቡ ድማ ብገቨርነር ሲሶላክ ማርች 12፣ 2020 ሕገ መንግሥቲ ኔቫዳ ዓንቀጽ 5፣ ቁጽሪ 1 “ናይ ስቴት ላዕለዋይ ሥልጣን ገቨርነር ኔቫዳ ኣብዝኾነ ብዓል ሥልጣን ይኸውን” ንዝበሎ ጠቂሱ ዝወጸ ጊዚያዊ ኣዋጅ ብምስዓብ እዩ።*

ናይዚ መደብ ዕላማ ሰብ ኣድላዪ ኣብዘይኮነ ኩነታት ከይእከብ ብምግባር እቶም በቲ ቫይረስ ዝተለኸፉ ሰባት ነቲ ሕማም ብቀሊሉ ናብ ህዝቢ ከየመሓላልፍዎ ብምግባር ጥዕናን ሰላምን ኔቫዳውያንን ንምሕላው እዩ። “ብርክት ዝበሉ ሰባት ንውሕ ንዝበለ እዋን ካብ ሹድሽተ ጫማ (ft.) ብጽሓጸረ ምቅርራብ ዝርከቡሉ ኩነታት እንታይ እዩ ?” ኢልኩም ንነብስኹም ሕተቱ -- ካብ ከምኡ ዝኣምሰለ ቦታ’ውን ርሓቁ።

ንኮቪድ-19 ዝምልከት ሓድሽ መደብ፣ ገቨርነር፣ ማእከል ጉዳይ ጥዒና ኔቫዳን ሓለፍቲ ጥዒና ከባቢታትን ስቴትን ነዚ መደብ ብቀረባ ብምክትታል፣ ማሕበራዊ ድልየት ማሕበረሰብ ኣብግምት ብምእታው ለውጥታት ከገብሩ ይኽእሉ እዮም።

ነዚ መደብ ቀልጢፍካ ዝትግብር ስትራተጂ ብምውጻእ ከም ምርሕሓቅን ብኣካል ዘይምቅርራብን፣ ኣኼባታት ዘይምግባርን ኣብ ግብሪ ብምውዓል ቅድሚ ሕጂ ተራእየን ንዝነበራ ተመሓላላፊ ሕማማት ብምዕጋት ሞትን ሕማምን ንምንካይ ተኻኢሉ’ዩ። ሕማማት ናብ ኔቫዳ ምእታው ብምንካይ:

- ከታበትን ፍቱን ፈውሲ ክሳዕ ዝርከብ ብኮቪድ-19 ንዝትሓዙ ኔቨድውያን ቁጽሪ ምንካይ።
- ሽማግለታትን ብኻሊእ ሕማም ተወጺያም ነዝነበሩ ኔቫዳውያን ኣድልዩ ክንክን ምግባር።
- ንሕክምና ኣገልግሎት ወሃብቲ ድርጅታትናን፣ ሓካይምናን ኣድላዪ ዝኾነ ክንክን ብምግባር ካብ ኮቪድ-19 ጥራይ ዘይኮነስ ካብ ኩሉ ሕማማት ከምዝከናኸሉልና ምግባር።
- ብሰንኪ ኮቪድ-19 ክመጽእ ንዝኽእል ሶሻላዊን ኢኮኖሚያዊን ጸቅጥታት ከይገፍሕ ምክልኻል

## <u>ማሕበረ ሰብኣዊ (social distancing) ምቅርራብ ንምትራፍ ዝጠቅማ መምርሒታት</u>

ኔቫዳውያን ካብ ቤተሰብ ወጻኢ ምስ ዝኾኑ ሰባት 6 ጫማ ርሕቀት ምትግባር ንዝብል መምርሒ ምዝውታር።

ኣብነት ክተርፉ ዘለወን ልምድታት፡

- ብብዝሒ መእካብ
- ቆለውዕ እከብ ኢልካ ዘይምሕዳር (sleepovers)
- ናይ ሙዚቃን ተዋስኦ ምርኢታት ዘይምኻድ
- ንጻወታ ዘይምእካብ

- ስፖርታዊ ምተኽኻብ ምትራፍ
- ኣጋይሽ ዘይምዕዳም
- ኣብ ገዛኻ ኣገዳሲ ዘይኮኑ ሰራሕተኛታት ምትራፍ
- ሞላት ፣ ዓበይቲ ድኳናት ምኻድ
- ጂም ምኻድ

<u>**_መደባዊ መምርሒታት መጠን ኣኼባታት_**</u>

**_መደብ ተገይሩሎም ዝነበሩ ኣኼባታት ምምሕልላፍ ወይ ምስራዝ_**

ነዚ መደብ ትርጉም "ዓኼባ" ኣብ ደገ ይኹን ኣብ ውሽጢ ገዛ ሰብ ምእካብ ማለት እዩ፡፡
ዓኼባ ክብሃል ከሎ ዘምጽኦ ጉድኣት ዝዕቀን በቲ ናይ ተኣከብቲ ምቅርራብን ዝፍጽምዎ ግዩዳያት እዩ፡፡
ዋሕዲ ተኣከብቲ ነቲ ከመጽእ ዝኽእል ጉድኣት ኣይንክዮን፡፡ እቲ ብኣካል ዘይምቅርራቦም እምበር፡፡

- ኣብ መርዓኹም ከትሕጎሱ ኣለኩም፤ ኮይኑ ግን የዕርዕትኹም ብምእካብ ክኸውን የብሉን  -- በፍለይ ድማ መጌሻ ዝውሰኾ እንተኾይኑ፡፡ ነቲ መርዓ እቲ ሓደጋ ኣብዝነከየሉ ወይ ኣብዝተረፈሉ እዋን ንኽኸውን ኣምሓላልፍዎ፡፡
- ኣብ ጊዜ ሞት'ውን ቁጽሪ ተሳተፍቲ አገዳሲ ብዝኾኑ ሰባት ጥራይ ግበርዎ፡፡ እቲ ስርዓት ኣብክንዲ ውሽጢ ገዛ ዝኸውን ሓደጋ ንምንካይ ኣብደገ ግበርዎ፡፡
- ገቨርናር ቤት እምነታት ይተዓጸዋ ክብል ኣይክእልን፣ ኣይደልይን'ውን፡፡ ኮይኑ ግን ንኣመንቲ ከይተኣከቡ ክተምህሩሉ ዘኽእል መገዲ ንኽትእልሹ የተሓሳስብ፡፡

## <u>ናይ ግድን ኣድላዪ ዝኾናን ዘይኮናን ግልጋሎታትን ክፍልታትን</u>

**ኲለን እንተዘይተጠቅሳ'ውን ናይ ግድን ኣድላዪ ዝኾናን ዘይኮናን ግልጋሎታትን ክፍልታትን እዘን ዝስዕባ እየን፡**

- ምክልኻል ሓዊ፣ መኸበርቲ ሕጊ፣ ህጹጽ ኣገልግሎት ሕክምናን ሓደጋ ዝከላኸላ ድርጅታት
- ድርጅታት ሕክምና
- ቤት ምግብታት፣ ገዛ ንዘይብሎም መዕቆቢ፣ ኣገዳሲ ንመሳኪን ኣገልግሎት ዝህባ ድርጅታት
- ብሕጊ ኔቫዳ ምዕራፍ 704 ኣገልግሎት (utilities) ዝብል ስያሜ ዝተዋህበን ድርጅታት
- ጉሓፍ ኣከብቲ
- ጽገና ገዛውቲ ዘካይዳ
- ጋራዣትን ናይ ጽዕነት ኣገልግሎት ቀረብቲ
- ግሮሰሪ፣ ሱፐርማርኬት፣ ናይ ገዛ መጸገኒ አቕሑት ዝሸጣ ድኳናት (hardware)፣ ኮንቪኒየንስ ድኳናት
- ፋርማሲታት፣ ናይ ጥዒናን ባዮኬሚካል ማእከላት
- ፖስታ ቤትን ሰደድቲ አቕሑትን

- እንዳ ቤንዚንን ናይ ጽዕነት ማኻይን መዕረፊን
- ባንክታትን ናይ ገንዘብ ኣገልግሎት ውሃብቲ ድረጅታት
- ናይ እንስሳ ሓኪም ቤትን መሸጣ መግቢ እንስሳታት
- መሕጸቢ ክዳውንትን ላውንደሪን
- መዳለዊ ምግብታት
- ሕርሻ፣ ናይ ገዛ እንስሳታትን፣ መቀለቢኤንን
- መኸዘንን፣ ዝተኸዘነ ኣቃውሕ መከፋፈሊ ተመሳሳሊ ቦታታት
- መጓዓዚያ ሕዝቢ
- ኣድለይቲ ሆቴላት፣ ህንጻታት ንግዲ፣ ዶርሚቶሪ፣ ገዛ ንዘይብሎም መጸግዒ
- በ ኮቪድ_19 ን ብፈቃድ ወሃብቲ ዝተፈቕደለን መዋእለ ቀለውዕ

ኣብ ላዕሊ ዝተዘረዘራ ድርጅታት ክኸፈታ እንተተፈቕደለን ማእከል ጉዳይ ጥዒና ኔቫዳ ሰራሕትኛታቶም እቲ ግቡእ መምርሒ ምርሕሓቅ ከኽብሩ ትጽቢት ይገብር፡፡ ብተወሳኺ ድማ እዘን ድርጅታት

- ሰራሕተኛታቶም ዝተማልአ ናይ ጥዒና ኣካይዳ ክኸተሉ፣ የእዳዎም በብጊዚኡ ን 20 ሴኮንድ ዝ ኣክል ብማይን ሳሙናን ንኽሕጸቡ ከዘኻኽርዎም ይግባእ፡፡
- ማእካል ምክልኻል ጥዒና (CDC) ነዘውጽኦ ከባቢኻ ብጽርየት ምሓዝ መምርሒ ብጥብቂ ብምክትታል ሰራሕተኛታትን ኣማዊልን ምግቢ ዝቀባበሉሉን ዘልዕሉሉን ተሪር መሳርሒታት ከም ጠረጴዛን ናይ ስርሕ ጣዋሉን ሽዓ ሽዓ ከጽርይዎ ከምዘለዎም ክከታተሉ ኣለዎም፡፡

ካልኦት ድርጅታት ከም ኣገልግሎት ሕጊ፣ ናይ ኣማኸርቲ ስራሕን ምምሕድዳርን፣ ፕሮፌሽናል ኣገልግሎት ኢንሹራንስ ሰራሕተኞም ካብ ገዛ ወይ ብቴሌኮም ንኽሰርሑ ከተባብዑዎም አለዎም፡፡

**ነዚ ምምላእ እንተ ተስኢንዎም ማእከል ጉዳይ ጥዒና ኔቫዳን ማእካል ምክልኻል ጥዒና (CDC) ንዘውጽእዎ ሕጊ ተኸቲሎም መምርሒ ዘይምቅርራብ ክስዕቡ ክገብሩ ይግባእ፡፡**

**ግድን ኣድላዪ ዘይኮና ኣገልግሎትን ክፍልታትን - በዚ ጥራይ ግን ኣይውሰንን፡**

- መዘናግዒን መሐጎስን፣ ከም ስትሪፕ ክለብ፣ ግብረ ስጋ ቦታ፣ ካዚኖ፣ ኣዳራሽ ሙዚቃ፣ ዓበይቲ ኣዳራሻት፣ መጻወቲ ስፖርትታት፣ ዓበይቲ ናይ ኣዳራሽ ክፍልታት፣ ካፈቴሪያ
- ናይ ስፖርት ኣዳራሻት፣ ህብረተሰባዊ መዘናግዒ፣ ጂም፣ማእከል ጥዒና፣ ዩጋ
- ከም እንዳ ባርቤሪ፣ ኣንዳ ጨጉሪ፣ ጽፍሪን ዓይነት መመልከዒ ቦታታት
- ፋርማሲን ኣገልግሎት ጥዒና ዘይሓወሰ ሾፒንግ ሞል፡፡ ብዝከኣል ኣገልግሎቶም ተገልጋላይ መጺኡ ንኽልዕሎ ወይ ናብ ኣድራሽኡ ብምስዳድ ነተባብዕ፡፡

## <u>መምርሒ ንድርጅታት ቤት መግቢን መስተን</u>

ገቨርነር ንምምሕልላፍ ኮቪድ-19 ንምዕጋት ቤት መግብታትን መስተን ክዕጸዋን ኣብ ውሽጢ ገዛ መግብን መስተን ንኸይቅርባ ኣዚዙ፡፡ ግዳን ሸማታይ ባዕሉ መጺኡ ከልዕሎ እንተኮይኑ፣ ናብ መንበሪኡ ከብጽሓሉ እንተኺኢለን ስርሐን ክቅጽላ ከምዝኽእላ ገሊጹ ኣብ ውሽጢ ቤት

ምግብን መስተን ኮፍ ኢልካ ምብላዕን ምስታይን ግን ብጊዚያዊነት ተአጊዱ'ሎ፡፡ ነቲ ዝተፈቅደ ሽማታይ ባዕሉ መጺኡ ከልዕሎ ወይ ድማ ናብ መንበሪኡ ከብጽሓሉ እንተኺኢለን ጥብቂ ዝኾነ ሕጊ ምርሕሓቅ ከክብራ አለወን፡፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ካብዚ ንታሕቲ እኒሀለ፡

- መግቢ ዘከፋፍላ ናይ ሓገዝ ድርጅታት፣ ብሰንኪ ቤት ትምህርቲ ምዕጻው ንተምሃሮ መግቢ ዝቅርባ ድርጅታትን ድኳናት ቤት መግቢ ክፉት ኮይነን አገልግሎተን ይቅጽላ፡፡
- ናይ ጥዒናን ካልኦት አገዳሲ ድርጅታት አገልግሎት መግቢ ከይተዓጽዋ ይቅጽላ፡፡
- ንሓገዝ መግቢ ዘከፋፍላ ቡፌን ጣቢያ መግብታት ነገልግሎተን ዓንቲ ብዝመለሱ ስራሕተኛታታት ወይ ገበርቲ ሰናያት ብባኮ ሓሽገን ይቅጽላ፡፡
- አብ ሙሉ እ ኔቫዳ ዝርከባ ፓባት፣ እንዳ ወይኒ፣ ባራትን እንዳ ቢራታትን ዝተማልአ ክሽነ አልይወን መግቢ ዝቅርባ እንተኾይነን አገልግሎተን **ሽማታይ ባዕሉ ከልዕሎ ወይ ድማ ናብ ገዝኡ ከብጽሓሉ እንተኺእለን** አገልግሎተን ክቅጽላ ይኽእላ፡፡ አብ ውሽጢ ገዛ ኾንካ ምብላዕ፣ ምስታይ ካሊእ መመርሒ ክሳብ ዝወጽእ ኩልኩል እዩ፡፡ እዚ መምርሒ ንፉድ ኮርትታት፣ እንዳ ቡናት፣ ንጉዳይ መግቢ ሰሪሐን ንዘቅርባ፣ ንክለባት፣ ናይ ቦውሊንግ መጻወቲን ካሊእ ሰብ ተአኪቡ መግቢ ዝምገበሉ ተመሳሳሊ ድርጅታት ይሓውስ እዩ፡፡
- **መግቢ ዘይቅርባ ፓባትን፣ እንዳ ወይኒን ቢራን ከዕጸዋ አለወን፡፡**

ክፉት ኮይነን ስርሐን ክቅጽላ ዝተፈቅደለን ድርጅታት ድማ፡

- ከም ሽቃቅ ዝአምሰላ ብብዝሒ ሰብ ዝአትወን ቦታታት ደጋጊምካ ምጽራይ የድሊ፡፡
- አብ ልዕሊ ስራሕተኛታት ስጡም ዝኾነ ከም የእዳዎም ን20 ሴኮንድታት ብማይን ሳሙናን ምሕጻብ ከዘውትሩ ቁጽጽር ሃይጂን ምግባር፡፡

## እንዳ ቁማር (ጌሚንግ)

ማሽናት ቁማር (ጌሚንግ)፣ ጠረጴዛታትን ምስ ቁማር ዝተትሓሓዘ ዝኾነ ዓይነት መሳርሒ ኩሉ ነኽዕጸው ገቨርነር አዚዙ'ሎ፡፡ አብ ውሽጢ ቤት ቁማራት ዝርከባ ቤት መግብታትን ባራታትን ካብ ቤት ቁማር ወጻኢ ንዝረከባ ተመሳሳሊ አገልግሎት ዝህባ ድርጅታት ዝወጸ ሕጊ ይምልከተን እዩ፡፡

## ካናቢስ (ማሪዋና)

ማሪዋና ከም ፈውሲ ይኹን ብኻሊእ ንምሽቃጥ ፍቃድ ዘለወን ድርጅታት አገልግሎት ክህባ ዝኽእላ ናይ ዘይምቅርራብ/ምርሕሓቅ መምርሒ ብጥብቂ ክትግብራ እንተኺእለን ጥራይ እዩ፡፡ ማእከል ጉዳይ ጥዒና ኔቫዳ ተጠቀምቲ ነዝገዝእዎ ካናቢስ አብቲ ድኳን ተአኪቦም ንኽጥቀሙሉ ዘይኮነ አብገዞም ነኽመጸሎም ንኽገብሩ የተባብዕ፡፡